# ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተመያይጡ ውሳነ ዘዕረፈሎምን ፃውዒት ዝቕረበሎምን ወቅታዊ ጉዳያት

ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ

<u>ታሕሳስ 2017</u>

ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብዞም ዝሓለፉ መዓልትታት ንተኸታታሊ ሰለስተ መዓልትታት ሰፊሕ ገምጋምን ምይይጣትን ኣካይዱ እዩ፣፣ እዚ መድረኽ እዚ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ መሓውር ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሓፈሻዊ ናብ ስራሕ ዘእቱ ሓጺር ገምጋም ገምጊሙ ኣብ ቀፀልቲ ኣዋርሕ ትኹረት ዝግበረሎም ናይ መደብ ኣንፈታት ኣነጺሩ ክኸይድን ተወዲቡ ክመርሕን ንምግባር ዝዓለመ መድረኽ እዩ ነይሩ። በቶም ዘቐመጦም ዕላማታትን ሽቶታትን መሰረት ገይሩ ድማ ሓፀርቲ ኣብ ሕሉፍ ዝነበርዎ ጥንካረታትን ድኽመታትን ገምጊሙ ፣ ንቐፃሊ እቶም ጥንካረታት ተዓቂቦም ዝኸዱሉ፣ ኣብቶም ዝፈፀሞም ድኽመታት ድማ ምስ ህዝቡ ኮይኑ ከመይ ነመዓራሪ ኢሉ ኣንፈታት ኣቐሚጡ ኣሎ፣፣ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ህዝብና ዓብይ ሻቕሎትን ስግኣትን ፈጢሩ ስለ ዘሎ ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ፀገም ብዕምቆት ገምጊሙ ህዝብና ካብ ሻቕሎትን ስግኣትን ወፅዩ ናብ ሰላማዊ ናብርኡን ናብ ልምዓቱን ዝኣትወሉ መንገዲ ንምፍጣር ዕሙቕ ዝበለ ገምጋምን ምርድዳእን ገይሩ ኣሎ፣፣ ኣብቶም ዝተቐመጡ ጉዳያት ሰፊሕ ምይይጥ ድሕሪ ምግባር ኣብ ወቕታዊ ኩነታት እዞም ዝስዕቡ ናይ ሓባር ውሳነታትን ፃውዒታትን ኣቐሚጡ ኣሎ፣፣

1. ከም ዝፍለጥ ኣብ ትግራይ ብዘጋጠመና ጀኖሳይዳዊ ወራር ህዝቢ ትግራይ ገሊኡ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ገሊኡ ድማ ካብ መረበቱ ተፈናቒሉን ተሰዲዱን ኣብ ከቢድ ሽግር ወዲቑን ተበታቲኑን ፣መሬትና ብወረርቲ ሓይልታት ተወሪሩ ብድምር ሉኣላውነትና ተደፊሩ ህዝብና ኣብ ፀገም እዩ ዘሎ፣፣ ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ እዉን እንተኾነ ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ዘሎ ህዝብና ሓራ ክወፅእ እናተገብአ ሓራ ኣይወፀን፣ ዝተወረረ መሬትና ኣይተመለሰን፣ ዝተፈናቐለ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣይተመለሰን፣፣ ስለዚ እዚ ጉዳይ እዚ ብዝርዝር ተራእዩ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ንምትግባር ናይ ውሽጥና ናይ ፖለቲካ ፀገም ብምግዳፍ ሓድነትና ኣጠናኺርና ተወዲብና ሰሪሕና ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ሉኣላውነትና እነኽብረሉ ኩነታት ክንፈጥር ከም ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ሙሉእ ምርድዳእ በጺሕና ኣለና፣፣ ኣብ ምትግባር ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ዝምልከተኩም ኣካላት ኩሉኹም ብፍላይ ፌደራል መንግስቲ፣ ኣፍሪካ ሕብረት፣ ኣሜሪካን ኣውሮፓ ሕብረትን ወዘተ ድማ ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ሽግርን መከራን ክነብር ግቡእ ስለዘይኮነ ኣብ ሓጺር ግዜ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ክትግበርን ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱን ጉቡእኹም ክትፍፅሙ ብሽም ህዝብናን ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ፃውዒትና ነቕርብ፣፣

ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

2. ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ መሓውር ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣመራርሓ ይኹን ሲቪል ሰርቫንት ካብቲ ገጢሙና ዘሎ ናይ ፖለቲካ ሰንፈላል ወፅዩ ሙሉእ ግዚኡ ኣብ ናይ ህዝቢ ግልጋሎት ክውዕል፣ ህዝብና እዉን ብሙሉእ ቀልቡ ናብ ልምዓት ክወፍር ክንገብር፣ ብፍላይ ኣብ ቢሮታት፣ ዞባታትን ወረዳታትን ካብኡ ንታሕትን ዘለኹም ናይ መንግስቲ መሓውር ፖለቲካዊ ኣረኣእያኹም ንውሽጥኹም ገርኩም ኣብ ናይ ህዝቢን መንግስትን ስራሕ ግን ሙሉእ ግዜኹም ክተሕልፉ፣ ህዝብና ክንክሕስ ብቑርፀኝነት ክተገልግሉ ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ የተሓሳስብ፣፣
3. ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃኢን ዘሎ ህዝብና እዉን ኣብ ጎኒ መንግስቲን ህዝቢን ጠጠው ኢሉ መንግስቲ ክፍርሱ ምስ ዝንቀሳቐሱ ኣካላት ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ሓጋዚ ተርኡ ክፃወት፣ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎ ህዝብና ካብ በቲ በቲ ዝመፅእ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ዓርሱ ክከላኸልን ሰላምን ምርግጋፅን ትግራይ ንምስፋን ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ኣብ ጎኒ ህዝቢን መንግስቲ ትግራይን ደው ክብል ፃውዒት ነቕርብ፣፣
4. ኣብዚ ቀረባ ግዜ እናማዕበለ ዝመፅእ ዘሎ በብ ብርኩ ዘሎ ናይ ግዝያዊ ምምሕዳር ናይ መንግስቲ መሓውር ናይ መንግስቲ መደብ ንምንታይ ትፍፅም እናተባህለ ካብ ሓላፍነቱ እናውረድካ፣ መንግስቲ ንዘይፈልጠ ኣካል ኣረክብ እናተብሃለ ይግደድ ኣሎ፣፣ እዚ ፍፁም ካብ ሕጊ ወፃእን ፀረ ህዝብን መንግስቲን ተግባር ስለ ዝኾነ ኣብዚ ተግባር ትሳተፉ ዘለኹም ኣካላት ኢድኩም ክትልዕሉን ብመንግስቲ ዝተመደቡ ኣካላት በቦትኦም ኮይኖም ስርሖም ብኣግባቡ ክሰርሑ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ምትሕብባር ክገብር እናተሓሳሰብና ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሕማቕ ተግባር እዚ ዝሳተፉ ዘለዉ ኣካላት ድማ ብሕጊ ክሕተቱ ወሲኑ ኣሎ፣፣
5. ኣብ በብ ደረጅኡ ዘለዋ ኣብያተ ምኽርታትና ይፍረሳ ኢሉ ዝኣወጀ ኣካል ከም ዘየለ እናተፈለጠ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ቤት ምኽሪ የፍርስ ኣሎ ዝብሉ ዝናፈሱ ዘለዉ ዘረባታት ፍፁም ጌጋ ከም ዝኾኑ እናገለፅና ካቢኔና በብ ደረጅኡ ዘለዋ ኣብያተ ምኽርታትና ከመይ ተጠናኺረን ይቐፅላ ኢልና ተመያይጥና ኣንፈታት ኣቐሚጥና ኣለና፣፣ ካብዚ ወፃኢ ዝወርድን ዝድይብን ዘሎ ኣመራርሓ ካብ ሕግን ስርዓትን ወፃእ ስለ ዝኾነ ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ደው ክብልን ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ክእረምን ተወሲኑ ኣሎ፣፣
6. ናይ መኸተ ናይ ፀዕታ ሓይልና ኩሉ ግዜ ንህልውና ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈሎን ዝኸፍሎ ዘሎን ሪዚንን ታሪኻዊን መስዋእቲ ዓብይ ክብሪ ዘለና ኮይኑ ሕዚ እዉን ዋና ዓንዲ ሑቖን

Tigray Regional State Interim Administ

ደጀንን ናይ ህዝቢ ትግራይ ከም ዝኾነ ፈሊጥና ብኹለመዳይ ክነጠናኽሮ ዝግባእ ዓብይ ዓቕምና ሙኻኑ ግልጺ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ነዚ ሓይሊ እዚ ንምፍራስ በቲ በቲ ዝመፁ ዘለዉ መፀለምታታት ከም ካቢኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ኣትሪርና ከም እንቃወምን ዝኾነ ይኹን ኣብዚ ናይ ፀዕታ ሓይልና ዝግበር ፀለመን መጥቃዕትን ተወዲብና ከም እንቃለሶ እናገለፅና ነዚ ሓይሊ እዚ ናይ ፖለቲካ መሳርሒ ንምግባር ትንቀሳቀሱ ዘለኹም ኣካላት ግን ካብ ተግባርኩም ክትቑጠቡ ነተሓሳስብ፡፡

7. ሓሳብካ ብሰላማዊ መንገዲ ንምግላፅ እኹልን ምቹውን ባይታ ተመቻቺዩ እናሃለወ ህዝብና ናብ ዓመፅን ፅግርግርን ክእትዉ ቀትርን ለይትን ላሕ ዝብሉ ዘለዉ ኣካላት ብግልፂ ካብዚ ፀረ ሰላም ተግባሮም ክቑጠቡ እዚ እንተዘይኮይኑ ግን መንግስቲ ትግራይ ስቕ ኢሉ ከም ዘይርኢ፣ ሰላም ትግራይ ዝዘርግ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ካብ ዝመፀ ይምፃእ ደው ክብል ከም ዘለዎ ካቢኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ወሲኑ ኣሎ፡፡

8. ናይ ግዚያዊ ምምሕዳር ፅማማት ቀልጢፍና ወዲእና ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ክህልወና ንምግባር ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ንቐፃሊ ህዝባዊ መረፃ እኹል ምድላው ክገብር ፃውዒት እናቕረብና ከም መንግስቲ ምቹው ባይታ ንምፍጣር ንኽንዳሎ ወሲና ኣለና፡፡

9. የካቲት 11 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብሂራዊ ብዓልና ስለዝኾነ ካብ ሎሚ ጀሚርና እኹል ምድላዋት ብምግባር ብሂራዊ ኮሚቴ ብምጥያሽ እቲ ብዓል ኣብ መላእ ትግራይን መላእ ዓለምን ብድሙቕ ክኽበር ምድላዋት ክንገብር ወሲና ኣለና፡፡

ክብርን ሞገስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ካቢኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ

ታሕሳስ 2017

Tigray Regional State
Interim Administration